ነቶም ኣብ ትርፊ ግዜ ተዳልዮም ዝካየዱ ንጥፈታት(fritidsaktivitet) ዝወሃብ ገንዘባዊ ደገፍ

ናይ ኖርድሬ ፎሎ ክተማዊ ምምሕዳር በዓል መዚ(kommunen) ብዙሓት ህጻናትን መናእሰያትን ኣብቶም ብ ስሩዕ ዝዳለዉ ኣብ ትርፊ ግዜ ዝካየዱ ንጥፍታት ንክሳተፉ ድልየት ኣለዎ። ክሳብ ሐዚ እዚ ከተማዊ ምምሕዳር በዓል መዚ፡ ክለባት፡ ማሕበራትን ናይ እቲ ከተማዊ ምምሕዳር ሰራሕተኛታትን ኣመልኪቶም ተሳተፍቲ ክኾኑ ዝኽእሉሉ ናይ ገንዘባዊ ሓገዝ ዝወሃቡሉ ኣሰራርሓ ዘርጊሑ ይርከብ።

ን ከመይ ዝበሉ ንጥፈታት ኢኹም ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ?

ነቶም ቀወምቲ ዝኾኑ ብስሩዕ ዝዳለዉ ንጥፈታት(Folkehelse, idrett og friluftsliv) ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ከም ኣብነታት ድማ፡ ናይ ኣባልነት ክፍሊታት፡ ዝወሃቡ ፍቓዳት፡ ናይ ተሳታፊ/ ናይ ንጥፈት ክፍሊታትን ካልኦት ምስ ንጥፈት ተተሓሓዝቲ ዝኾኑ ወጻኢታት ዝሓቁፍ እዩ። እቲ ከተማዊ ምምሕዳር ነቶም ብውልቂ ዝካየዱ ንጥፈታትን ናይ ጅምናዚየም ኣባልነት ክፍሊታትን ንምሸፋን ክበሃል ዘቕርቦ ሓገዝ የለን።

መን እዩ ሓገዝ ክረክብ ዝኽእል?

እቶም ካብ 6-18 ዓመት ዝርከቡ፡ ኣብ ናይ ኖርድረ ፎሎ ከተማዊ ምምሕዳር ነበርቲ ኮይኖም ዝተመዝገቡ ኣብ እቲ ብስሩዕ ዝዳሎ ኣብ ትርፊ ግዜ ዝካየድ ንጥፈት ንምስታፍ ዓቅሞም ዘይፈቕደሎም ህጻውንቲን መናእሰያትን ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። ሕድሕድ እንቕበሎ ምልክታ ገምጋም እንገብረሉ እንትንኾን፡ እቲ ገንዘባዊ ሕገዝ ድማ መሉእ ንሙሉእ ወይ ክፋሉ ክንህብ ንኽእል ኢና።

(ብሽም ህጻን ወይ መንእሰይ) ኮይኑ ከመልክት ዝኽእል መን እዩ?

ስድራ ቤታትን ውልቀ ሰባትን ንገዛ ርእሶም ገንዘባዊ ሓገዝ ንምርካብ ከመልክቱ ኣይኽእሉን እዮም፡ እንታይደኣስ ነቲ ከተማዊ ምምሕዳር ወይ ነቶም ነቲ ሓገዝ ዘበርከቱ ትካላት ከዘራርቡ ኣለዎም። እቲ በዓል ሞያ ድማ እቲ ህጻን ነዚ ገንዘባዊ ደገፍ ንምርካብ ብቐዕ ድዩ ኣይኮነን ዝብል ገምጋም የካይድ።

ንዝኾነ ዓይነት ንጥፈት ገንዘባዊ ድጋፍ ንምርካብ፡ እቲ ናይ እቲ ንጥፈት ሓላፍነት ዝወስድ ሰብ ኣብ ትሕቲ ዘይትርፋውያን ዝኾኑ ትካላት ክምዝገብ ኣለዎ። ነቶም ከም ባህላዊ ቤት ትምህርቲታትን(kulturskole)ን ናይ መናእሰይ ክለባትን(kommunen) ዝበሉ ብ ደረጃ ከተማዊ ምምሕዳር ዝዳለዉ ንጥፈታት እውን ደገፍ ንህብ ኢና።

እቲ ምልክታ ናይ እቲ ህጻን/ መንእሰይ ሽም፡ ዝተወለዱሉ ዕለትን ናይ እቶም ትሕቲ 15 ዓመት ዝርከቡ ህጻውንቲ ወለዲ ዝወሃብ ናይ ስምምዕ ቅጂ ሒዞም ክቕርቡ ኣለዎም።

ምልክታ

ነቲ ንጥፈታት ዘዳልው ወይ ድማ ናይ ከተማዊ ምምሕዳር ሰራሕተኛ ነቲ ናይ ምልክታ ቅጥዒ ብምምላእ ናብ እቲ ከተማዊ ምምሕዳር በዓል መዚ ድማ የቕርቡዎ። ሕድሕድ ህጻን ነናይ ባዕሉ ምልክታ ክቕርብ ኣለዎ። እቲ ዝቕርብ ምልክታ ነቶም ቁጽሮም ካብ ሓደ ንላዕሊ ዝኾኑ ንጥፈታት ወይ ጉዕዞታት ወጻኢ ዘይክሸፍን ይኽእል። ምልክታት ዝቕርቡሉ ናይ ግዜ ገደብ የለን።

<u>ናይ ምልክታ ቅጥዒ</u>

ነቲ ምልክታ መን እዩ ዘሳልጦ?

ናይ ህዝባዊ ጥዕና ኢንተርፕራይዝ፡ ስፖርቲን ኣብ ደገ ዝካየዱ ንጥፈታትን በቲ ናይ እቲ ገንዘባዊ ደገፍ ዝወሃቡሉ መስርሕ መሰረት ገይሩ ምልክታታት ይቕበልን ን ክውንነቶም ይምርምርን እዩ። ኩሎም ውልቃዊ ዳታታት በቶም ኣብ ስራሕ ዝወዓሉ መምርሒታት መሰረት ገይርና ኢና እነሳልጦም።

ነቲ ምልክታ ዝወሃብ መልሲ

ኣመልከትቲ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ መዓልቲታት መልሲ ክረኽቡ እዮም። እቲ ከተማዊ ምምሕዳር እቲ ዝተፈቐደ ናይ ገንዘብ መጠን ነቲ እቲ ንጥፈት ዘቕርብ ውልቀ ሰብ ወይ ትካል ክኸፍል እዩ።

እንተደኣ ሕቶታት ኣለዉኹም ኮይኖም ወይ ኣብ ምምልካት ሓገዝ ትደልዩ ኮይንኹም

ን ናይ ህዝባዊ ጥዕና መተሓባበሪ Heidi Berentsen ርኸቡ
ቴሌፎን: (+47) 90 10 27 08